# ደብረ ሲና( 21 ሰነ ማርያም ደብረሲና)

## ህንጸተ ቤታ ቅዳሰ ቤታ

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን!!

ደብረሲና፡ ኣብ ኤርትራ ዓቢ በዓል ኣዴና ድንግል ማርያም'ዩ፡ ደብረ ሲና ኣብ ግብጺ፡ ደብረ ሲና ኣብ ኤርትራ፡ 21 ሰነ ንምንታይ ብፍሉይ ይኽበር፧ 20 ሰነ ህንጸተ ቤታ 21 ሰነ ቅዳሰ ቤታ'ዩ፡ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ድኻምና ስለዝፈልጥ ንድሕነሉ ብዙሕ መንገዲ ከፊቱልና'ዩ! ስግኡን ደሙን ግን መዛዘሚ'ዩ!! ሰብ ዝሓስቦ ንኽፍጽም እቲ የድልየኒ'ዩ ዝብሎ ይመርጽ'ዩ! ኣምላኽና ኽኣ ነዴና ድንግል ምርያም ኣዳለዋን ሓረያን!! ንዓና ኽኣ ኣደ ድሕነትና ኽትከውን ሃበና! ሓደ ካብቲ ተስፋታት ክኣ ብስም ኣዴና ድንግል ማርያም ቤተክርስትያን ዝሰርሐ ዝብል'ዩ፡ ቅድሚ ደቂ ሰባት ግን ቤተክርስትያን ኣዴን ድንግል ማርያም ክስራሕ ዝፈቐደን ዝሰርሐን ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ'ዩ!! ብ 20 ሰነ ኣብ ቂሳርያ ቤተ ክርስትያን ናይ ቅድስቲ ኣዴና ድንግል ማርያም ብዘይ ማይ፡ ብዘይ ጭቃ፡ ብዘይ ዕንጨይቲ፡ **ብሰለስተ እእማን** ብኢድ ክቡር ወዳን ኣምላኽናን መድሓኒናን ዝተሃነጸትሉ መዓልቲ'ዩ!!ሃዋርያት ኣብ ስብከት ወንጌል እንከለዉ ጳውሎስን ባርነባስን ካብ ኣህዛብ ብዙሓት ብ ጎይታና ምስኣመኑ ኣባይቲ እምበር ቅዱስ ቁርባን ዝቕበልሉ ቤተ ክርስትያን ስለ ዘይነበሮም ናብ ጴጥሮስን ኩሎም ሃዋርያትን ብልመና ብዛዕባ ምህናጽ ቤተ ክርስትያን መልእኽቲ ልኣኹ፡ ሃዋርያት ክኣ ብዘይ ፍቓድ ጎይታና ምንም ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና ንገብሮ ክሳብ ዘፍልጠና ግን ነቶም ናብ ሃይማኖት ዝተመልሱ ኣህዛብ እናጸሙን እናለመኑን ሓደ ሱባኤ ክጸሙ ኣዝዝዎም ኢሎም መለስሎም!! ኣብ መፈጸምታ ሱባኤኦም ክኣ ክቡር ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ተገሊጹ ንኹሎም ሃዋርያት ክሳብ ፍሊጵስዮስ ብደበና ኣከቦም ጳውሎስን በርናባስን ክኣ ምስኦም ነበሩ። *ጎይታና ባረኾም! እዛ መዓልቲ ኣብ ኣርባዕተ መኣዝን ዓለም ቤተ ክርስትያን ብስም ወላዲተይ ክህነጽ ዝፈቐድኩላ'ያ!!* በሎም ካብታ ከተማ ንምብራቕ ወሲዱ ኽኣ ናይ ቤተ ክርስትያን ቦታኣን ስፍሓታን ወሰነሎም፤ ሓይሊ እግዚኣብሄር ክኣ ምስኦም ነበረ! ህንጻ ቤተ ክርስትያን ክሳብ ዝፍጸም ክኣ ኣኢቲ እእማን ኣብ ኢድ ሃዋርያት ይልምልም ነበረ!! ጎይታና ኽኣ ንዋየ ቅዱሳትን ኣልባሳትን መሰውእን ኣዳለወ። ድሕሪ'ዚ ጎይታናን ኣምላኽናን ባዕሉ ቀዲሱ ስግኡን ደሙን ንሃዋርያት ኣቐቢሉ ኣብዛ መዓልቲ ህዝቢ ግብሪ ኣእዳዎም ከይገብሩ ኣዝዝዎም በሎም ንሳ ኽኣ 21 ሰነ'ያ!! ድሕሪ'ዚ ብኽብሪ ናብ ሰማያት ዓረገ!! (*ንምሉእ ትሕዝቶ ስንክሳር 21 ሰነ ንመልከት*)

ደብረ ሲና ክብሃል ክስማዕ እንከሎ እቲ ታሪኽ ጽቡቕ ገይሩ ዘይፈልጥ እግዚኣብሄር፡ ሙሴን ግብጽን ይዝክር፡ እቲ ታሪኽ ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጥ ክኣ ጎይታናን መድሓኒናን ካብ ኣዴና ድንግል ማርያም ተወሊዱ ንግብጺ ምስ ተሰደ ግብጻውያን'ውን መሰሳደድዎም ዝዓረፉላ ካልኣይቲ ደብረሲና ይዝክር፡ ***እዛ ካልኣይቲ ደብረሲና ኣብ ሃገረ ኤርትራ ዞባ ዓንሰባ*** እትርከብ ቅድስቲ ቦታ'ያ!! ምሉእ ትሕዝቶኣ ኽኣ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፡-

ምምስሳል ስም ንታሪኽ ከህስሶ ይኽእል'ዩ፡ ናይ ሰብ እንተ ኾይኑ ኽኣ ይጠፍእ፡ መንፈሳዊ( ኣምላኻዊ) እንተ ኾይኑ ግን ወላውን እንተቐበርኻዮ እናበርሀ'ዩ ዝግለጽ፡ ሰለዝኾነ ኽኣ እዛ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ክብርቲ ኣዲኡ ድንግል ማርያምን ቅዱስ ዮሴፍን ሰሎሜን ዝዓረፉላ ቦታ እቲ ብኢድ መድሓኒና ዝተገብረ ተኣምራዊ ግብርታቱ ከምዘይተገብረ ኾይኑ ክሕለፍ ጸኒሑ፡ ሎሚ ግን ግዚኡ ስለ ዝኣኸለ፡ ከምቲ ቅዱስ ዳዊት ኣብ መዝሙሩ 45፡ ክንዲ ኣቦታትኪ ውሉድ ተወለዱልኪ ዝበላ ቅድስቲ ቤተክርስትያና ከኣ ኣፍ ኣቦታት ለጕሙ ዝጸንሐ ልጓም ብምብታኽ ን ምእመናንን ንዓለምን ትነግር ኣላ።

ደቂ ሰብ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና ቐሪብና እንፍረደሉ እምነትናን ግብርናን ስለ ዝኾነ

ብሃገራውነት ተደሪኽና ከይንጽሕፎን ከይነንብቦን ጥንቃቐ ኽሓተና ምኽኑ ኣቐዲምና ከነስተውዕል ግድን'ዩ!! እቲ ፍጻሜ ኽኣ ከምዚ ዝስዕብ'ዩ፡-

ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣዳም ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልትን ፈረቓን ካብ ጓልጓልካ ተወሊደ ከድሕነካ'የ ኢሉ ብዝሃቦ ናይ ድሕነት ተስፋ ከም ቃሉ ድሕሪ ሓሙሽተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ዓመት ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣብ 2ይ መልእኽቱ 3፥8 ግናኽ ኣቱም ፍቁራተይ ኣብ እግዚኣብሄር ሓንቲ መዓልቲ ከም ሽሕ ዓመት፡ ሽሕ ዓመትውን ከም ሓደ መዓልቲ ምኻኑ፡ እዛ ሓንቲ ነገር እዚኣ ኣይትረስዑ። ከምዝበለ፡ ካብ ኣዴና ድንግል ማርያም ተወሊዱ ሰብ ኮነ፡ ድብያብሎስ ክኣ ኣብ ልቢ ንጉስ ሄሮድስ ሓዲሩ ንህጻን ኢየሱስ ንኽቐትሎ ኣለዓዓሎ ራእይ ዮሃንስ 12፡ንመልከት!! ኣብ መጨረሻ ቁ 17 እቲ ገበል ከኣ በታ ሰበይቲ ተቘጥዐ። ነቶም ትእዛዝ ኣምላኽ ዚሕልዉን ብዛዕባ ኢየሱስ ዚምስክሩን ዚተረፉ ዘርኣ ኪዋግኦም ከደ። ከምዝብል ድያብሎስ ኣብ ልቢ መናፍቓን ሓዲሩ ነቶም ዘርኣ ተባሂልና ዘለና ኣዴና ኣማላዲትና እንብላ ደቃ ስማ ካብ ኣእምሮና ከጥፍኡ ዘይገብርዎ የለን! ንሕና ግን ከምቲ ኣዴና ድንግል ማርያም ኣብ ሉቃስ 1፡48 ካብ ሕጂ ኸሎም ወለዶ ብጽእቲ ኺብሉኒ እዮም። ዝበለት ብጽእቲ እናበልና፡ ከምቲ ዳዊት ኣብ መዝሙሩ ኣብ ክንዲ ኣቦታት ውሉድ ተወለዱልኪ ስምኪ ንወለዶ ክነግሩ'ዩም፡ ዝተባህለላ በቲ ድኹም ዓቕምና ንዓኣ ብዘይበቅዕ ንገልጾን ስማ ክንእኣስ እንከሎ ስሊኣ ንምጉተላን ኣለና! እቶም ካብ ወለዶ ወጺኦም ዘለዉ ኣገልገልቲ ናይቲ ዝወደቐ ዓቢይ ገበል ዲያብሎስ ወይ ሰይጣን ዚብሃል ናይ ጥንቲ ተመን(ዘፍ 3፡1-4) (ራእይ 12፡9 ንመልከት)።ካብ ጉድለት ፍልጠትን እምነትን ዝተላዕለ መንገዲ ጥፍኣት ሒዞም ይጓዓዙ ኣለዉ! እግዚዘዘብሄር ግን ምሓሪ ስለ ዝኾነ እቶም ብዘይ ምስትውዓል ስሒቶም ዘለዉ ንቤቶም ክመልሶም ምኻኑ ተስፋ ኩላህና'ዩ!!

ንጉስ ሄሮድስ ብስጋ ከም ሰብ ንግስነተይ ዝወስድ ተወሊዱ ኢሉ'ዩ ን ኢየሱስ ክቐትሎ ተበጊሱ፡ እቲ ኣብ ልቡ ሓዲሩ ዝነበረ ሰይጣናዊ ሓይሊ ግን ውድቀቱ ስለዝፈለጠ መጀመርያ ኣብ ሄሮድስ ቀጺሉ ኣብ ግብጻውያን ሓዲሩ ብብዙሕ መገዲ ፈቲንዎም። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ነቲ ታሪኽ ትንክፍ ኣቢልዎ'ዩ ዝሓልፍ። ኦርቶድክስ ተዋህዶ ግን ዓለም ክትበጽሖ ዘይክኣለት መዛግብቲ ኣለዋ!! ዮሃንስ ኣብ ወንጌሉ 20፡30 ኢየሱስ ድማ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ዘይተጻሕፈ ካልእ ብዙሕ ተኣምራት ኣብ ቅድሚ ደቂ መዛሙርቱ ገበረ። 31 ግናኽ ኢየሱስ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ምእንቲ ኽትኣምኑ ኣሚንኩምውን ብስሙ ሕይወት ምእንቲ ኽትረኽቡ እዩ እዚ ዝተጻሕፈ። ኣብ 21፡25 ከኣ ኢየሱስ ዝገበሮ ግብሪ ድማ ብዙሕ ካልእ ኣሎ። ኩሉ በብሐደ ተጻሒፉ እንተ ዚኸውንሲ ነቲ ዝተጻሕፈ መጻሕፍቲ ኸሎ እዚ ዓለም እኳ ኣይምኣኽሎን ይመስለኒ። ከምዝብለና እዞም ጽሑፍ ስኣን ምፍላጥ ክርስቲያን ኢና እናበሉ ጸረ ክርስቶስ ዝጓዓዙ ዘለዉ ብ ኦርቶዶክስን ድንግል ወላዲት ኣምላኽን መላእኽትን ጻድቃናትን ከላግጹን ከናእሱን ይውዐሉ ኣለዉ!! እዚ ኽኣ ከምቲ ኣብ ላዐሊ ዝተገልጸ ራእይ 12፡ 17 ዝተብሃለ ነቶም ዘርኣን፡ ትእዛዝ ኢየሱስ እንሕሉን መደንገጺ ኮይናዮም ኣሎና፡ ግን ዕዉር ነቲ ምስ ዓይኑ ዘሎ መገዲ ክመርሖ ኣይክእልንዩ!! እዚኦም ክኣ ከይተምሃሩ ክንምህረኩም ይብሉና ኣለዉ፡ እዚ ኽኣ ከነጥፍኣኩም ማለት'ዩ!!

ሓደ ካብቲ ቤተክርስትያና ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ዓቂባቶ ዝርከብ ዓብዪ ታሪኽ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ደብረ ሲና (ደብረ ሰሒት) ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፡ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ነግብጺ ምስተሰዱ መሪር ናይ ኣጸምእ ሂወት ኣሕለፉ። ክቡር ኣቦ ኣባ ሰቆቃወ ድንግልዝተባህሉ ጻድቕ ደራሲ ክንደይ ዝኣክል መከራ ከምዝወረዳ ክገልጹ ከለዉ፡- ሚ እጹብ ብዝሃ ትህትናኪ ማርያም እግዝእትየ፡ ምሰለ ወልድኪ ባዕል ዘገብረ ሰማየ፡ ውስተ ደብረ ቁሰቋም ሃደርኪ ተመሲለኪ ነዳየ፡ ኢረከብኪ ሰብአ በህየ ዘይሁበኪ ሲሳየ፡ ዋኢ.መ ኣኮ ለጽምእኪ ማየ።” ትርጉሙ ኣዴና ድንግል ማርያምብዝሒ ትሕትናኺ ክንደይ ዕጹብ ኢዩ፡ ምስቲ ሰማይ ዝፈጠረ ሃብታም ወድኺ ድኻ ተመሲልኪ ኣብ ደብረ ቁስቋም ሐደርኪ፡ ኣብኡ ከኣ መግቢ ዝህበኪ ወይ ከኣ ንጽምእኺ ማይ ዘስትየኪ ሰብ ኣይረኸብክን። ክብል ምረት ናይ ኣጻምእ ጉዕዞኦም ገሊጽዎ። ህጻን ኢየሱስ ግን ክሉ ስለዝፈልጥ ብደቡብ ዝተባረኹን ዝተሓረዩን ህዝቢ ተቐበልቲ ኣጋይሽ ከምዝርከቡ ን ወላዲቱ ኣመልከተታ። ካብ ግብጺ ንደቡብ ተጓዒዞም ኤርትራ ምስበጽሑ ኣብ ደብረ ሲና ኣዕረፉ! እዛ ሎሚ ቤት መቕደስ ኮይና ዝቕደሰላ ዘሎ ዓባይ ብዓቲ ኽኣ ጎይታ ብኢዱ ስለ ዝዳህሰሳ ኣፍ ደገን መስኮትን ብትኣምራት ተኸፍተላ። ብ 1 ግንቦት ከኣ ኣዴን ድንግል ማርያም ምስ ፍቑር ወዳን ተኸተልታን ኣትዮም ተቐመጡ።

ኣብቲ ዘግዚ ኣብ ኢትዮጵያ ነጊሱ ዝነበረ ንጉስ **ባዜን** ይብሃል። ድንግል ማርያም ኣብ ኤርትራ ደብረ ሲና ተቐሚጣ ከምዘላ መልኣኽ እግዚኣብሄር ብሕልሚ ምስገለጸሉ ሰራዊት ኣኽቲሉ ካብ ኣኽሱም ተበጊሱ ደብረ ሲና በጽሐ! ኣብታ ብትኣምር ዝተሃንጸት ብዓቲ ኸኣ ንድንግል ማርያም ምስፉቑር ወዳን ተኸተልታ ዮሴፍን ሰሎሜን ረኸቦም፡ ብገጹ ተደፊኡ ኸኣ ሰገደሉ!! ሃገሩ ኢትዮጵያ ን ክርስቶስን ኣዲኡ ድንግል ማርያምን ከተአንግድ ዕድል ስለ ዝረኸብ መንፈሳዊ ሓጎስ ተሓጎሰ፡ ንእግዚኣብሄርውን ኣመስገነ!! ንኽብሮም ክኣ ኣብ ከባቢ ደብረሲና ብዙሕ ሽግ መብራህቲ ኣብርሀ፡ ድንግል ማርያም ምስ ወዳን ተኸተልታን ን ኣርባዕተ ወርሒ ተቐመጡ። ንኢትዮጵያ ኣቢላ ኽትከይድ ከላ ኸኣ ብ ኢድ ወዳ ኢየሱስ ንንጉስ ባዜን ባረኸቶ፡ ን ደብረ ሲና ኸኣ ናይ ቅዱሳን 'ምበር ናይ ዓለማውያን ቦታ ከይትኸውን ሓልዋ ድሕሪ ብዙሕ ዘመን ብስመይ ታቦት ኪኣትዋ'ዩ!! ዓባይ ክትከውን'ያ ናይ ወደይ ጠሊ ምሕረት ድማ ኣይክፍለያን'ዩ! ነዛ ቦታ እዚኣ ካብ ርሑቕ መጺኡ ዝሰግደላ ኣብኣ ተቐሚጡ ዚጽልን ዘገልግልን በረኸት ስጋን በረኸት ነፍስን ኪረክብ'ዩ ኢላ ኣፋነወቶ።

ንጉስ ባዜን ስለቲ ዓቢ ተስፋ ን እግዚኣብሄር ኣመስገነ ኣብ ምድሪ ወዲቑ ድማ ሰገደ።ነታ ድንግል ማርያም ምስ ወዳን ኣዝማዳን ተቐሚጠሙላ ዝቐዩ ዓባይ በዓቲ እምኒ ኣብ ዙርያኣ ብዙሕ ኣእዋም ተኸለላ፡ መናንያን ዓለም ከምዝኽቐመጥዋ ድማ ገበረ!! በዚ መሰረት ብዙሓት ቅዱሳን ኣብኣ ኪነብሩን ኪጽልዩን ከለዉ ብዘመን መንግስቲ **ሃጸይ ኣላኣሜዳ " ኣባ ዮሓን"** ዝተባህሉ መነኮስ ብ 474 ዓ.ም ካብ ኢዮርሳሌም ታቦት ማርያም ኣምጺኦም ብ 21 ሰነ ቅዳሰ ቤታ ንጉስ ኣልኣሜዳን፡ ጳጳስ ኣቡነ ናሆምን ኣብ ዘለዉሉ በዓል ቅድስተ ማርያም ኣኸበረ!! ታቦት ምስኣተዋ ድማ ፈዋሴ ድዉያን ዝኾነ ማይ ፈልፈለ፡ኣባ ዮሓኒ ኸኣ ኣብታ ገዳም ናይ እምኒ ኣጋንእን ምበርን እናወቐሩ ሰርሑ...!! እዚ ብሓጺር'ዩ ናይዛ ታሪኻዊት ቤት መቐደስ ታሪኽ ዝሓዘ ዜና ድግናዝን ንጉስ ይብሃል። ኣብ ሚንስትሪ ባህልን ቤተ መዘክርን ይርከብ!!

ደብረሲና ካብ ዓበይቲ መግለጺኣ

1- ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ኣዲዑ ድንግል ማርያምን ቅዱስ ዮሴፍን ሰሎሜን ዘዕረፉላ!!
2- ብ330 ዓ.ም ጥምቀት ክርስትና ብ ኣባ ከሳቴ ብርሃን ናብ ሃገርና ዝኣተወሉ ጊዜ ጥምቀት ክርስትና ዝተጀመረላ! ነገስታት **ኣቑሱም ኣብርሃ ወ ኣጽብሃ ብ ኢድ ጳጳስ ኣባ ሰላማ ዝተጠመቑላ ኢያ!!**
3- ካብልደጥ ጎይታ ክሳዕ ጉባኤ ኬልቄዶን ብ474 ዓ.ም ኣብ ዘመን **ንጉስ ገብረ መስቀል** ወዲ ካሌብ ብ ኣባ ዮሓኒ ዝተገደመትን ስርዓተ **ጳኵሚስ** ዝተመስረተላን'ያ!!
4- ን ኣባ ዮሓኒ ብ ራእይ ብዝተገለጸትሉ መሰረት ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ 21 ግንቦት ደብረ ምየጥማኽ 21 ሰነ ሕንጸተ ቤታ ብድሙቕ ኣከባብራ ዚብዕለላ'ያ!!
5- ብ 480 ዓ.ም ኣብ ዘመን መንግስቲ ኣልኣሜዳ ወዲ ሰልዓደባ ን9ቱ ቅዱሳን ብምልክት ዓምዲ ብርሃን ዝተገልጸትሎም!! *(ታሪኽ ቤ/ክ1986 ብ ኣባ ጎርጎርዮስ ተመልከቱ)*

እቲ ፍጻሜታት ብዙሕ'ዩ ቁሩብ መብርሂ ክንረክብ'ዩ፡ ደብረሲና ቀዲሙ ማለት 9ቱ ቅዱሳት ክሳብ ዝመጹ ደብረ ሰሒት ትብሃል ነይራ፡ 9ቱ ቅዱሳን ብ480 ዓ.ም ምእንቲ ፍቕሪ ጸዮን ካብ ሮማ ተበጊሶም ኤርትራ ምስበጽሑኣብ ኣግዓሮ መንጽር ገዳም ደብረ ሰሒት ምስበጽሑ ከምቲ ሙሴኣብ ደብረ ሲና ዝርኣዮ ዝተተኽለ ዓምደ ብርሃን ረኣዩ፡ *ስለቲዚ ኢኣ ንደብረ ሰሒት ደብረሲና ኢሎም ጸውዕወዋ!!* ናብቲ ደብሪ ኪቐርቡ ከለዉእቲ ኣንዲ ብርሃን ይስወሮም ኣብ ርሑቕ ኮይኖም እንተ ተመልከቱ ግንይርኣዮም ነበረ!ከምዚ እናበሉ ሰለስተ ግዜ ተመላለሱ! ኣብ ሳልሳይ ግዜ ግን ኣብ ዓበይቲ ኣእማን ምልክት ጨርሒ እናገበሩ ተመልሱ! እቲ ትኹል ዓምደ ብርሃን ንመጀመርታተገሊጹ ዝተራእዮም ኣቡነ ዘሚካኤል ዻሕራይ ኣቡነ ኣረጋዊ ምኧኖም ይንገር!! ነቲ ዝተተኽለ ዓምደ ብርሃን ምስረኸብዎ ብዙሕ ጠሓጕሶም ኣምላኾም ኣመስገኑ!!

እታ ብዓቲ እምኒ ድማ ኣዝያ ጽብቕቲ ኢድ ሰብ ዘይሰርሓ መሰረት ዘየብላ በምሳል ደብተራ ድንኳን ሙሴ ዝቖመትኢ.ያ!!

ብመጠኑ ደብረ ሲና ነዚ ትመስል፡ጎይታናን መድሓኒናን ነዞም ታሪኽ ቀቢሮም ዝኸዱ ዘለዉ ከምኡውን ፍጻሜታት ኣብዘይተኻየደሉ ከምዝተገብረ ገይሮም ዝምህሩ ዘለዉ መምህራን ምስትውዓል ይሃቦም!!

ታሪኽ ደብረሲና መርጌታ ተወልደመድህን መንግስቱ ብ 1994 ዓ.ም ኣብ ኣስመራ ብ ኣሕታሚ ማሕበር ገዳም ደብረሲና ዝተዳለወ፡ ታሪኽ ገዳም ደብረሲና ካብ ዝብል መጽሓፎም ዝተወሰደ'ዩ። እግዚኣብሄር በረኸቱ የብዝሓሎም!!












*ስእሊ ብ ሊድያ ዮሃንስ 21 ሰነ 2002 ዓ.ም*





**በረኸታን ኣማላድነታን ናይ ኣዴና ድንግል ማርያም ምስ ኩላህና ይኹን ኣሜን!!**

**ክብሪ ን ኣምላኽና ይኹን!!** *www.orthodox1.com*